እዛ ዛንታ ብ Ririro.com ብነጻ ተዳልያትልኩም ኣላ፡፡ ዕላማና ኣብ ዓለም ዘለዉ ኩሎም ህጻናት ዝተፈላለየ

ዛንታታት ብነጻ፡ ብዘይዝኾነ ክፍሊት ከንብቡ ክኽእሉ እዩ፡፡ እዞም ዛንታታት ኦንላይን ክንበቡ፡ ካብ ኢንተርነት

ኣውሪድካ ክንበቡ፡ ካብ ኢንተርነት ፕሪንት ብምባል ክንበቡ ይኽእሉ፡፡ እዞም ዛንታታት ዝተፈላለየ ዓይነት ትሕዝቶ

ዘለዎም ኮይኖም ብዛዕባ እንስሳታት፡ ፋንታዝያ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ታሪኽ፡ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ካልእን የዘንትዉ፡፡

ዕላማና ብምድጋፍ ነዚ ዌብሳይት ምስ ካልኦት ንምልላይ ሼር ግበርዎ፡፡ እናኣንበብኩም ክትዘናግዑ ንምነ!

Ririro

ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣንብቡ

Ririro

# እቶም ሰለስተ ንኣሽቱ ሓሰማታት

ሓደ እዋን ሓንቲ ኣረገት ሓሰማ ሰለሰተ ውላድ ዝነበርዋ ነበረት፡፡ እዛ ኣደ ስእንቲ ብምንባራ ንደቃ ዝኸውን መግቢ ኣይነበራን፡፡ ስለዚ ካብ ገዛ ወጺኦም ሂወት ንዝቐረበትሎም ዕጫ ኣልዒሎም፡ ርእሶም ክኢሎም ክነብሩ ምዒዳ ኣፋነወቶም፡፡
ካብ ገዝኦም ምስ ወጽኡ ሓደ ካብኦም ሓደ ሓሰር ዝተሰከመ ሰብኣይ ረኣየ እሞ ደድሕሪኡ ጎዩ "ሰላም ኣቦ! በጃካ እንዶ እዚ ሓሰር ሃበኒ ገዛ ክሰርሓሉ" በሎ፡፡ እቲ ሰብኣይ ድማ እቲ ጥማር ሓሰር ሃቦ'ሞ እቲ ሓሰማ ከኣ ናይ ሓሰር ገዛ ሰርሐ፡፡



እቲ ሓሰማ ኣብ ገዝኡ ተሓጕሱ እናኣዕረፈ፡ ድሕሪ ሓጺር እዋን ሓደ ዓቢ ጨካን ተኹላ ይመጽእ እሞ ነቲ ማዕጾ ናይቲ ገዝኡ ኳሕ ኳሕ ኣቢሉ "ንእሽቶ ሓሰማ ክፈተኒ ግዳ" ይብሎ፡፡
"እምብለይ እምብለይ ወላ በታ ናይ መንከሰይ ንእሽቶ ጭሕሚ ትኹን ኣይከፍተካን እየ" በሎ እቲ ሓሰማ፡፡
"ኦ! ኣብዚ ዲኻ ዘለኻ፡ በል ኡፍፍፍ ኢለ ገዛኻ ክብንቁሮ እየ" በለ ተኹላ፡ ከምኡ ድማ ገበረ፡፡ እቲ ሓሰማ ከኣ ሃዲሙ ናብ ሓዉ ከደ፡፡
እቲ ካልኣይ ሓሰማ ካብ ገዛ ምስ ወጽአ ሓደ ቀሸም ዝተሰከመ ሰብኣይ እዩ ረኺቡ፡ "ሰላም ኣቦ! ገዛ ክሰርሓሉ'ባ

ካብዚ ቀሸምካ ሃበኒ“ በሎ። እቲ  ሰብኣይ ምስ ሃቦ ድማ ገዛ ብቐሸም ጌሩ ሰርሐ።
ስርሑ ወዲኡ ሓበን ተሰሚዑዎ፡ ደስ ኢልዎ ኣብ ገዝኡ እናኣዕረፈ፡ ማዕጾ ክኹሕኳሕ ሰምዐ። እቲ ንእሽቶ ሓዉ እዩ ኔሩ “ተኹላ እንድዩ ገዛይ ኣፍሪሱለይ፡ ምሳኻ’ዶ ኣብዚ ክዕቆብ?“ በሎ።
ሓዉ ድማ “ከመይ ደኣ፡ ገዛይ ብቐሸም ስለዝተሰርሐ ድልዱል እዩ። ኣይትሰከፍ እቶ!“ በሎ።
ሸዑ እቲ ተኹላ ናብቲ ብቀሸም ዝተሰርሐ ገዛ መጺኡ “ንእሽቶ ሓሰማ ክፈተኒ ግዳ“ ይብሎ።
“እምብለይ እምብለይ ወላ በታ ናይ መንከሰይ ንእሽቶ ጭሕሚ ትኹን ኣይከፍተካን እየ“ በሎ እቲ ሓሰማ።



“ኦ! ኣብዚ ዲኻ ዘለኻ፡ በል ኡፍፍፍ ኢለ ገዛኻ ክብንቁሮ እየ“ በሎ እቲ ተኹላ፡ ከምኡ ድማ ገበረ።
እቶም ክልተ ሓሰማ ሃዲሞም ናብ’ቲ ሳልሳይ ሓዎም ከዱ።

እቲ ሳልሳይ ሓሰማ ሓደ ሕጡብ ዝጸዓነ ሰብኣይ እዩ ረኺቡ። “ሰላም ኣቦ! እዚ ሕጡብ እባ ሃበኒ ገዛ ክሰርሓሉ“ ኢሉ ከኣ ለመኖ፡ እቲ ሰብኣይ ድማ ሃቦ። እቲ ሓሰማ ብኡኡ ጌሩ ናይ ሕጡብ ገዛ ሰርሐ።
ኣብ ገዝኡ ኮፍ ኢሉ ከሎ ማዕጾ ተኳሕኵሐ። እቶም ዝኳሕኵሑ ኣሕዋቱ እዮም



ነይሮም "ተኹላ ገዛውትና ኣፍሪሱልና እሞ ምሳኻ'ዶ ክንከውን?" በልዎ።

"ብርግጽ! እተዉ ገዛይ ብሕጡብ ስለዝተሰርሐ ድልዱል እዩ!" በሎም። "ግን እቲ ተኹላ ኣብዚ እውን ክመጸና እዩ ስለዚ ሓደ ጥበብ ክንምህዝ ኣለና" ከኣ በሎም። "ንዘልኣለም ከም ዘይምለሰና ክንገብር ኣለና" ተበሃሃሉ። ከም'ቲ ሳልሳይ ሓዎም ዝገመቶ ድማ እቲ ተኹላ ናብቲ ከባቢ መጸ...
እቲ ገዚፍ ጨካን ተኹላ ናብታ ብሕጡብ ዝተሰርሐት ገዛ መጺኡ "ንእሽቶ ሓሰማ ኣእትወኒ ግዳ" በሎ።
"እምብለይ እምብለይ ወላ በታ ናይ መንከሰይ ንእሽቶ ጭሕሚ ትኹን ኣይከፍተካን እየ" በሎ እቲ ሓሰማ።



"ኦ! ኣብዚ ዲኻ ዘለኻ፡ በል ኡፍፍፍ ኢለ ገዛኻ ክብንቁሮ እየ" በለ እቲ ተኹላ።
እቲ ተኹላ ኣንጸርጺሩ ነቲ ገዝ ከፍርሶ ኩሉ ሓይሉ ኣኻኺቡ ኡፍፍፍ ኡፍፍፍ እኳ እንተበለ ክዕወት ኣይከኣለን፡ ዝገበረ እንተገበረ እውን ከምዘይሰልጦ ተረድኦ።
ኩሉ ፈቲኑ ምኺን ምስ ኣበዮ ብሕርቃን ኣብቲ ልዕሊ ገዛ ደይቡ በቲ መውጽእ ትኪ ናብ'ቶም ሓሳማታት ክኣቱ ፈተነ።
እቶም ሰለስተ ንኣሽቱ ሓሰማታት ግን እንታይ ክገብር ከምዝሓሰበ ተረዲኦም፡ ሓዊ ኣናኺሶም ኣብ ዓቢ በራድ ማይ ሰኽተቱ። እቲ ተኹላ በቲ መውጽእ ትኪ ንውሽጢ ክኣቱ ምስ ፈተነ፡ ነቲ ዝፈልሐ ዝነረ በራድ መኽደኑ ከፈትዎ እሞ እቲ ሃፋ ናይ ማይ ነቲ ተኹላ ኣንደዶ።

ሸዑ እቲ ተኹላ ዓው ኢሉ ነቀወ “ደሓን ሓንቲ መዓልቲ ክረኽበኩም እየ” ኢሉ እናኣእወየ ከኣ ሃዲሙ ከደ።
ብድሕሪኡ ኸ? እቲ ተኹላ በታ ዝኸዳ ምስ ጠፍአ ኣይተመልሰን።
እቶም ሓሰማ ኸ? ንሓዋሩ ብሓጎስ ኣብታ ብሕጡብ ዝተሰርሐት ገዝኦም ብሓባር ክነብሩ ጀመሩ።